KANTON AARGAU

**DEPARTEMENT**
**BILDUNG, KULTUR UND SPORT**
Abteilung Volksschule

Sektion Schulaufsicht

*Zeitfenster Online-Befragung:*
*von bis*

Tigrinnisch

**ክፍለ-ሃገራዊ ቍጽጽር ብቕዓት ኣብ ግድነታዊ ቤት-ትምህርቲ AARGAU**

**ሓበሬታ ንመጠይቕ ወለዲ**

---

ዝኸበርኩም ወለዲ፣

እቲ ክፍለ-ሃገራዊ(ናይ ካንቶን) ሓለዋ ቤት-ትምህርቲ ኩሉ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ኩሉ ቤት-ትምህርቲ ክፍለ-ሃገር Aargau ነቲ ዝተወሰነ ኣድላይነት ብቕዓት ከምዝረኽቦ ከምኡ'ውን ናይ ክፍለ-ሃገር ሕግታት ከምዝኽተል ይምርምር[1]። ጽሑፋዊ መጠይቕ ናይ ወለዲ ኣገዳሲ ኣካል ናይቲ ኣከያይዳ ቍጽጽር እዩ። ወለዲ ኣብ ድሓር ግዜ ንተወሰኽቲ ቆጸራታት ዝርርብ ክሕተቱ ይኽእሉ። እቶም መጠይቓት ብትእዛዝ ሓለዋ ቤት-ትምህርቲ ካብቲ ፕዳጎጊካዊ ኮለጅ ናይ ኪኢላ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ Nordwestschweiz (ሰሜናዊ-ምዕራብ ስዊዘርላንድ) ይካየዱ።

ምስዚ ጽሑፍ'ዚ መእተዊ ኮድ (TAN) ነቲ ኣብ ኢንተርነት (ኦንላይን) ዘሎ መጠይቕ ኦንላይን ክትወሃቡ። ብእኡ ትኣትዉ ኢኹም። ቃለ-ምስጢራትን ኣስማትን ንሓድሕዶም ኣይተኣሳሰሩን፣ ብስሙ-ስውር ምእንቲ ክጸንሑ።

ምምላሽ ሕቶታት ዳርጋ 20 ደቓይቕ እዩ ዝወስድ። እቲ ኦንላይን መጠይቕ፣ ኮምፕዩተር፣ ታብለት ወይ ከኣ ሞባይል/ስማርትፎን እናተጠቀምኩም ክትምልሹ ትኽእሉ። ዝያዳ ቆልዑት ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ እንተዘለውኹም፣ ሓደ ወይ
ዝያዳ መጠይቓት ክትመልኡ ትኽእሉ።

ብዛዕባ ኣከያይዳ፥

- ወይ እቲ ኣድራሻ መርበብ ሓበሬታ **www.vorbefragung.ch** (ብPC/ኮምፕዩተር) ክትህቡ ወይ ከኣ እቲ ኮድ QR ስከን ክትገብሩ (ብሞባይል/ስማርትፎን ወይ ብታብለት) ትኽእሉ።
- ብድሕሪኡ ኣብቲ "**TAN / Losung**" ዝብሃል ቦታ መእተዊ ኮድኩም ኣእትውዎ ኢኹም።
- እቲ መጠይቕ ብጀርመንኛ ክረአ እዩ። ኣብቲ ብድሮፕ-ዳውን ኣገባብ ዝተቐረበ ዝርዝር ዓሰርተሓደ ተወሰኽቲ ቋንቋታት
- ክትመርጹ ትኽእሉ።
- እዞም ሕቶታት ኣብ ውሽጢ ወቕቲ **ንውሓት ግዜ መጠይቕ** ምለሹ ኢኹም።
- ነቲ መጠይቕ ቅጥዒ ብ "**Absenden**" ዕጸውዎ ኢኹም።

ሓለዋ ቤት-ትምህርቲ ኣረኣእያኹም ንክፈልጡ ኣዝዮም ተገዲሶም ኣለው ከምኡ'ውን ናይ ምስታፍኩም ኣብቲ መጠይቕ የመስግኑኹም።

ምሕዝነታዊ ሰላምታ

Schulaufsicht
sa.volksschule@ag.ch

---

[1] ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ https://www.schulen-aargau.ch/regelschule/schulorganisation/qualitaet-aufsicht/kantonale-qualitaetskontrolle